# ቃለ-መጠይቕ ምስ ጴጥሮስ ሰሎሞን

## መእተዊ

እዚ ስዒቡ ካብ እንግሊዝ ናብ ትግርኛ ተተርጒሙ ቀሪቡ ዘሎ ቃለ-መጠይቓዊ ዕላል፡ ገዲም ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ኣቶ ጴጥሮስ ሰሎሞን ምስ ህቡብ ኣመሪካዊ ጋዜጠኛ፣ መምህርን መሓዛ ህዝቢ ኤርትራን ዳን ኮነል፡ ኣብ 23 ነሓሰ 2001፡ ኣብ ኣስመራ ዘካየዶ ዕላል'ዩ። እቲ ቃለ-መጠይቕ ምስ ናይ ካልኦት ገዳይም ተጋደልቲ ዕላል ተጠቓሊሉ ኣብ 2005፡ ብመልክዕ መጽሓፍ ዝተሓትመ ኢዩ። ኣርእስቲ ናይቲ መጽሓፍ፡ "ዕላል ምስ ኤርትራውያን ናይ ፖለቲካ እሱራት" ዝብል ኢዩ። ናይ ኣቶ ጴጥሮስ ሰሎሞን ቃለ-መጠይቕ ኣብ ገጽ 124-134 ይርከብ። ኣቶ ጴጥሮስ ጠቒስዎ ዘሎ ዕብዳንን ዝርጋንን (እንኮላይ ዕጥራን) ኣቶ ኢሰያስ ኣፍወርቂ፡ መስደመም ጥራይ ዘይኮነ፡ ከም መራሒ ሃገር መጠን ፈጺምዎ ኢልካ ክትኣምኖ ዘሸግር ግዕዙይ፡ ብባህልን ስነ-ምግባርን ህዝቢ ኤርትራ ዘሕንኽ ተግባር ኢዩ። ኣብዚ ኤርትራ ብወግዒ ናብ መደበር ውልቀ-ምልካዊ ስርዓት ዝተቐየረትሉ ሻድሻይ ዓመት ንምዝካር ንቀራረበሉ ዘለና ሳምንታት፡ ከምዝን ካልእን ዝኣመሰለ ጽሑፋት ናብ ቋንቋታት ኤርትራ ተርጒምካ፡ ናብ ህዝቢ ምቕራብ ኣገዳስነቱ ስለ ዝተኣመነሉ፡ እቲ ጽሑፍ ከም ዘለዎ ተቶርጒሙ ቀሪቡ ኣሎ።

*23 ነሓሰ 2001*

*እዚ ዕላል'ዚ ኣብቲ ኣብ ኣደባባይ ሰማእታት ዝርከብ መንበሪ ገዛ ስድራ ቤት ኣቶ ጴጥሮስ ሰለሞን ኢዩ ተኻይዱ።*

*ቅድሚ ነታ ድምጺ እትቕድሕ መሳርሒት ምውልዐይ፡ ጴጥሮስ ካብ 1992 ኣትሒዙ ገለ ነገራት ባህ ይብሎ ከም ዘይነበረ፡ እንተኾነ ግን ካብቲ ዝካየድ ዝነበረ ጽንኩርን ኣጠቓላልን መስርሕ ዳግመ ህንጻት ሃገር ነብሱ ከግልል ከም ዘይከኣለ ሓቢሩኒ ኔሩ። ካብ ሽዑ ኣትሒዙ ኢሰያስ ውልቀ-ምልካዊ ጠባያት እንዳማዕበለ ይመጽእ ከም ዝነበረ ይርድኦ'ኳ እንተነበረ፡ ስኽፍታቱ ግን ብዘይካ ንዑቕበ ኣብራሃ ብዛዕብኡ ንካልእ ብኣግኡ ዘተንበሃሉ ሰብ ኣይነበረን።*

*ካብ መፋርቕ ተስዓታት ኣትሒዙ፡ ክልተ ግዜ ካብ መዝነት ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ኣሰናቢቱ፡ ኣብ ካልእ ፖለቲካ ዘይብሉ መዝነት ክምድቦ ንኢሰያስ ሓቲትዎ'ኳ እንተበረ ኢሰያስ ግን ከም ዝኣበዮ ሓቢሩኒ። ስዒቡ፡ እታ ሃገር ብዛዕባ ሒዛቶ ዝነበረት ኣንፈት ጉዕዞ ንኢሰያስ ርእይቶ ምስ ኣቕረበሉ፡ ናብ ሚኒስትሪ ሃብቲ ዓሳ ተቐይሩ። ንብዙሓት ሰባት መቕጻዕቲ'ኳ እንተመሰሎም ንዕኡ ግን ግልግል ኢዩ ኔሩ።*

*እቲ ኣብ ቴፕ ዝተቐርጸ ዕላልና፡ ኣብ ግዜ ምምስራት ውድብ፣ (ምስጢራዊ) ስልፍን ድሒሩ ዝተገብረ ጉባኤታትን ዝነበሩ መራሕቲ በዓል መን'ዮም ብዝብል ሕቶ ኢዩ ጀሚሩ። ንዝርዝር ኣስማት ብዝርኢ ጥብቆ ተመልከት።*

<u>ዳን</u>፦ ምስ ድሩዕ ተዘራሪበ ኔረ። ታሪኽ ጠቒሱ ክዛረብ እንከሎ፡ ከም ዝጠቐሰለይ …

<u>ጴጥሮስ</u>፦ ድሩዕ ጸሓፊ ኢዩ። ጸሓፊ ድማ ልዕሊ ወተሃደር ብልጫ ኣለዎ።

<u>ዳን</u>፦ ርግጸኛ ኣይኮንኩን …

ጴጥሮስ፦ ኣይማታእንየ። ዝመስለኒ'የ ዝዛረብ።

ዳን፦ ሮመዳን ኣብ 1994 ካብ መሪሕነት ክግለፍ እንከሎ ከም ዝረኣየ፧ ገለ ነገር ክገብር ይግብኦ ከም ዝነበረን ግን ከኣ ዋላ ሓንቲ ከም ዘይገበረን'ዩ ዝገልጽ።

ጴጥሮስ፦ ሮመዳን ዝተባህሎ ኢዩ ጌሩ እምበር ኣብቲ ጉዳይ ኣይነበረን።

ዳን፦ ከምኡ'ዩ ዝበለ ድሩዕ። እቲ ጉዳይ ከምኡ'ዩ ኔሩ 'መስለኒ።

ጴጥሮስ፦ ሮመዳን እቲ ናይ ብሓቅን ሮመዳን እቲ ገጸ-ባህርይን በበይኖም ኢዮም።

ዳን፦ ረብሓ ሃገር ስለ ዘቐደመ ኣብ ቆይቂ ክኣቱ ኣይደለየን።

ጴጥሮስ፦ መጻኢ ፕረዚደንት ናይዛ ሃገር ንምዃን ንእሽቶ ትብዓት ጥራይ'ያ ተድልዮ ነይራ። ክኸውን ዝኽእል ሰብ'ዩ ኸኣ። ኣዝዩ ህቡብ'ዩ። ግን ጠባዩ ኣይትፈልጦን ኢኻ። ኣዝዩ ድሁል፣ ዝወጸሉ ድሁል ኢዩ። ንመጀመርያ ግዜይ ትማሊ ኢየ ፈሊጠዮ። ሕጂ ንዓይ ብፍርሒ ይኸሱኒ ኣለዉ። ነዛ ሃገር ንውድብ ሕቡራት ሃገራትን ንኣመሪካን ኣሕሊፍካ ሂብካያ ይብሉኒ ኣለዉ። ኣነ ዝብሎ ዘለኹ ኸኣ "ሕራይ፡ ንስኻ ምስክር ኢኻ፡ እንታይ ኢኻ'ሞ ክትብል፧" ግን ከኣ ርግጸኛ ኢየ። ኢሰያስ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ዋላ ሓንቲ ኣይክብልን ኢዩ። ንዓይ ኣብ ቤት ፍርዲ ክኸሰኒ እንተደለየ 'ውን ክምስክረሉ ዝኽእል ሰብ ከም ዘየለ ርግጸኛ ኢየ። ላግጺ ኢዩ፧ ሓቂ ዘይበሉ ጠቐነ።

ዳን፦ ብብልሽውና ክኸሱኻ ፈቲኖም ኔሮም። እዚ 'ውን ኣይሰርሐን።

ጴጥሮስ፦ ብልሽውና! ክሳብ ሕጂ፡ ክልተ ወርሒ ምሉእ፡ ሽዱስተ ናይ ጸጥታ ኣባላት ኣዋፊሮም ኣብ ሚኒስትሪ ሃብቲ ዓሳ ሃሰው ይብሉ ኣለዉ። ሓደ'ኳ ኣካውንታንት የብሎምን። ዋላ ገንዘብ ሰሪቐ እንተዝኸውን 'ውን ክረኽብዎ ዝኽእሉ ኣይኮኑን። ትም ኢሎም ጥራይ ሰባት የበሳብሱን ይኣስሩን ኣለዉ። "እንታይ ትፈልጡ" እንዳበሉ ይሓትዎም ኣለዉ። እንተዘይተዛሪብኩም ኣብዚኣ ክትበልዩ ኢኹም ይብልዎም ኣለዉ። እዚ ግህሰት ሰብኣዊ መሰል ኢዩ። ትማሊ ያሲን ተፈቲሑ። ሓደ ወርሕን ዓሰርተ ክልተ መዓልትን ተኣሲሩ። ከምዚ ዝስዕብ ኢሉኒ "ኣብ ጸላም'የ ኔረ። ድምጺ ናይ ኣብ ከባብየይ ዝነበሩ ሰባት ግን ይሰምዕ ኔረ። ኣብኡ ትሽዓት ዓመት ከም ዝገብርን ከም ዝተገረፍኩን ነጊሮምኒ። ግን ተስፋ ኣይትቑረጽ ኢሎምኒ።" ንሰበይቱ ናብ ቤት ፍርዲ ክትከይድ ሓቢረያ። ምናልባት 'ውን ብኽምኡ ከይከውን ተፈቲሑ። ኣብዚ ሃገር ደፊሩ ዝሓትት ሰብ የለን። ብዛዕባ መሰል *ሀብየስ ኮርፐስ* 'ውን ደፊሩ ዝሓትት የለን።

ዳን፦ ምስኻ ድዩ ዝሰርሕ ኔሩ ሓቀይ፧

ጴጥሮስ፦ እወ። ኣዝየ'የ ሰንቢደ። ያሲን ወዲ ጢያ'ዩ። ዓፋር'ዩ። ብዛዕባ እዚ ፖለቲካ'ዚ ዝፈልጦ ዋላ ሓንቲ ነገር የብሉን። ጅግና'ዩ። ኣብ ባሕርያ ላዕለዋይ ኣዛዝን ፍሉጥ ሓንባሲ ውሽጠ-ውሽጥን ኢዩ ኔሩ። እዛ ሃገር ካብ ዘፍረየቶም ብሉጻት ሓደ ኢዩ። ሰበኽ-ሳግም፡ ገፉፍ ዓሳ ወዲ ጢያ'ዩ። ተጋዲሉ፣ ብኣዛዝነት ኣገልጊሉ፣ 12 ክፍሊ ወዲኡ። ኣብ ኤርትራዊ ማእከል ሓንባሲት ውሽጠ-ውሽጢ (Eritrean Diving Centre) ላዕለዋይ ሓላፊ ኔሩ። ኣዝዩ ዝድነቕ ክኢላ ሓንባሲት ውሽጠ-ውሽጢ ኢዩ። ብዛዕባ ሓንባሲት ውሽጠ-ውሽጢ ብዙሕ'ዩ ዝፈልጥ። መዘወሪ ፍቓድ ዘለዎ፡ ጀላቡ ክዝውር ዝኽእል ባሕረኛ ኢዩ። ብዛዕባ ባሕሪ ዘለዎ ኣፍልጦ ዓሚቝ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ዝኾነ ናይ ቱሪዝም ካምፓኒ ዝበለጸ ኣማሓዳሪ ክኸውን

ዝኽእል ሰብ ኢዩ። ብዛዕባይ ገለ ነገር እንተተዛረበ ኢሎም ነርባዓን ክልተን መዓልታት ዳጕኖሞ። ኣዝዩ የገርመኒ፧ ንምንታይ'የ ተጋዲለ 'ውን የብለኒ።

ዳን፦ ንሃገርካ ኢኻ ተጋዲልካ፡ ነዚ ኣይኮንካን ተጋዲልካ።

ጴጥሮስ፦ ማለተይሲ ከምዚ ዓይነት ነገራት ክትርኢ እንከለኻ ተስፋ ትቖርጽ። ያሲን'ኮ ከምዚ ኢሉኒ፡ "ኣነ ዓፋር'የ፡ ብዛዕባ'ዚ ዝወረደኒ በደል ክሓተለይ ዝኽእል ዋላ ሓደ ዘመድ የብለይን።" ኦ … ! ብጣዕሚ'ኳ'ዩ ዘሕዝን።

ዳን፦ (ሓንሳብ ኣቋርጽ ኣቢሉ፡ ኣብ ጠረቤዛ ናብ ዝነበረት ስእሊ ኣመልኪቱ)

ጴጥሮስ፦ በዓልቲ ቤተይ'ያ፧ ሕጂ ኣብ ኣመሪካ'ያ ዘላ።

ዳን፦ ጓልካ ኸ፧

ጴጥሮስ፦ እታ ሓንቲ ጓለይ ኣብዚ'ያ ዘላ። ክልተ ድማ ኣብ ኣመሪካ ኣለዋ። እሞኸ ደኣ፡ ኣበይ ኣሎ እቲ ሕቶታትካ፧ ንዓ'ባ ገለ ወስ ኣብል፧

ዳን፦ ክሓተካ ዝደለኹ ሕቶ፡ ኣቐዲምካ ጀሚርካዮ ዝነበርካ ኢዩ። ኣበናይ ነጥቢ'ዩ ነገራት ጽቡቕ ይኸይድ ከም ዘየለ ኣቐዲሙ ዝተረደኣካ፧ ካልኣይቲ ሕቶይ ድማ ስለምንታይ ክትዛረብ ነዊሕ ወሲዱልካ፧ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ምስ ካልኦት ሰባት ኣብ ዝዘራረበሉ እዋን ዝለዓል ሓደ ሕቶ ኣሎ - ስለምንታይ ክሳብ ሕጂ ጸኒሕኩም፧

ጴጥሮስ፦ ከም ዝመስለኒ ኢሰያስ ዋና ኣሳሳዪ ኢዩ። ኣተሓሕዛ ሰባት ይኽእለሉ'ዩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሰባት ከም ዘይተኣኻኽቡ ናይ ምግባር ረቂቕ ክእለት 'ውን ኣለዎ። ሰባት ክበኣሱ እንከለዉ ንሱ ይፍሳህ። ይጥቀመሉ ድማ ኔሩ። ንነዊሕ እዋን ንኹልና ብኸምዚ በሊጹና ኢዩ። ካብ ብጾቱ ተፈልዩ ናይ በይኑ ዓለም ክነብር ካብ ዝጅምር ነዊሕ ጌሩ'ዩ። ነዚ ደንጕና ኢና ፈሊጥናዮ። ኣብ ዝፈለጥናሉ እዋን ድማ ድሕሪ ማይ ናብ በዓቲ ኮይኑ።

ዳን፦ ካብ 1992 ጀሚርካ ተስፋ ክትቖርጽ ከም ዝጀመርካ ገሊጽካ ኔርካ።

ጴጥሮስ፦ እስኪ ድያርየይ ክውከስ'የ እንደገና።

ዳን፦ መዓስ ኢኻ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ኔርካ፧

ጴጥሮስ፦ ኣብ 1994። ኣብ ጥቅምቲ 1992 ሚኒስተር ምክልኻል ኮይነ።

ዳን፦ ክሳብ መዓስ …

ጴጥሮስ፦ ክሳብ ለካቲት ወይ መጋቢት 1994።

ዳን፦ ናብ ሚኒስትሪ ሃብቲ ዓሳ መዓስ ተቐይርካ፡ ኣብ 1998 ድዩ፧

ጴጥሮስ፦ ኣብ 1997።

ዳን፦ እንታይ ስለ ዝገበርካ ኢኻ ተቐይርካ፧

ጴጥሮስ፦ ብዙሕ ርእይቶ ኣሎ ብዛዕባ'ዚ …

ዳን፦ ዑቕበ ኣብርሃ ከም ዝሓበረኒ፡ ናብ ኢሰያስ ነቐፌታዊ ደብዳበ ጽሒፍካ ኔርካ። ንሱ'ዩ እቲ መዘዝ በሃላይ'ዩ።

ጴጥሮስ፦ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ኣብ ዝነበርክሉ እዋን፡ ኣብ ሽግር ኣእትዩኒ ዝብሎ ነገር፡ ኣብ ጉዳይ ሱዳን ዝነበረኒ መርገጺ ኢዩ። ምስ ሱዳን ኲናት ክንገጥም ኣድላይ ኣይኮነን በሃላይ ኢየ ኔረ። ኣነ ንዑደት ስራሕ ንወጻኢ ኣብ ዝገሽክሉ እዋን፡ ከይፈለጥኩ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ተበቲኹ ጸኒሑኒ።[1]

ዳን፦ እዚ ኣብ መጀመርያ 1995 እንድዩ ሓቀይ፧

ጴጥሮስ፦ ኣብ ዘየለኹሉ ስለ ዝተገብረ ኣዝዩ ኣቘጢዑኒ። ድሒሩ 'ውን ጉዳይ የመን ስለ ዝሰዓበ፡ ብዙሕ ርእይቶታት ነይሩ'ዩ። እንታይ ከም እተገብረ ኣይፈለጥኩን … ግን ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ክኸውን ከም ዘይደሊ ሓቢረዮ። ክልተ ግዜ ነጊረዮ፤ "ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ክኸውን ኣይደልን ኢየ" ኢለዮ። "ስለምንታይ፧" ኢሉኒ። ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ክኸውን ብቕዓት ከም ዘይብለይ ነጊረዮ። "ልክዕ ኢዩ፡ ነገራት ከምቲ ኣብ ሜዳ እንከለና ዝነበሮ ኣይኮነን ዘሎ። ክንቅይሮ ግን ብዙሕ ግዜ ኣለና።" ኢሉኒ። እንተኾነ ግን፡ ኣብቲ ሓላፍነት'ቲ ክቕጽል ይኽእል'የ ኢለ ከም ዘይኣምን ነጊረዮ። ኣብ ካልእ፡ ፖለቲካዊ መዝነት ኣብ ዘይብሉ ቦታ፡ እንተኸድኩ ከም ዝሓይሽ ነጊረዮ። ሚኒስተር ሃብቲ ዓሳ ምስ ኮንኩ ኣዝየ'የ ተሓጒሰ።

ዳን፦ ብመንጽር ቁጠባዊ ዓቕሚ ክርአ እንከሎ፡ ነዚ ሚኒስትሪ'ዚ ፈጺምካ ኢኻ ለዊጥካዮ።

ጴጥሮስ፦ ብሓቂ'የ ዝብለካ ራእይ ኔሩኒ። ገለ ነገር ክገብር እደሊ ኔረ። ብዙሕ'የ ዝብህግ።

ዳን፦ ጉዳይ የመንከ ከመይ ነበረ፧ ነቐፌታ ኔሩካ ዶ፧ ርእይቶኻ ተሓቲትካ ዶ፧

ጴጥሮስ፦ ከዘንትወልካ'የ። ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ምስ ኮንኩ፡ ኣብቲ መጀመርታ፡ ሓደ ዓውደ-መጽዕናቲ ኔሩና። ብዛዕባ ገለ ጉዳያት ተመያይጥና። ብዛዕባ ክኸሰት ዝኽእል ዝኾነ ሕማቕ ተኽእሎታት ተዘራሪብና። ምስዘን ሰለስተ ሃገራት፡ ማለት ጅቡቲ፣ ኢትዮጵያ፣ የመን ጸገም ክህልወና ከም ዘይግባእ ተረዳዲእና። ክህሉ ይኽእል ዝበሃል ጸገማትን እንታይ ክግበር ከም ዝኽእልን ገምጊምና። ብኸመይ ክውገድ ይኽእል ተዘራሪብና። ከምቲ ትፈልጦ ግን፡ እቲ ጸገማት ሓደ ድሕሪ ሓደ ከሉ ተኸሲቱ። እቲ ዝኸፍአ ተኽእሎታት ዝበልናዮ ኩሉ ተኸሲቱ። ክበሃል ዝኽእል ነገራት ተዘራሪብናሉ። ሰባት ነዚ ኹሉ ጸገማት ክፈትሑ እንተድኣ ዘይክኢሎም ዕሽነት'ዩ። እቲ ከጋጥም ዝኽእል ጸገማት ንፈልጦ'ኳ እንተበርና ተዓጻጻፍነት ዝበሃል ግን ኣይነበረናን።

ዳን፦ ወተሃደራዊ ኣሃዱታት ክግደሙ ትእዛዝ ዘመሓላለፈ መን'ዩ፧ ኣብ ኩሉ ኣጋጣምታት ኢሰያስ ድዩ፧ ንኣብነት፡ ኣብ ጉዳይ የመን፧

ጴጥሮስ፦ ጉዳይ የመን፡ እቲ ታሪኽ 'ውን ብጭቡጥ ፍሉጥ ኣይኮነን። ኣብኡ የመናውያን ከም ዝነበሩ፡ ምርድዳእ ከም ዘይነበረ ተነጊሩ። ድሒረ ኢየ ፈሊጠ ኣነ ንባዕለይ። ነገራት

---

[1] ኣብ ታሕሳስ 1994፡ ብሰሪ ካብ ሱዳን ተበጊሶም ንኤርትራ ዝወግኡ ዝነበሩ እስላማውያን ተቓወምቲ፡ ኤርትራ ምስ ሱዳን ዝነበራ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና በቲኻ ከም ዝነበረት ይዝከር።

ብኸምኡ'ዩ ዝኸይድ ኔሩ። ትፈልጥ ዲኻ፡ ሚኒስትርና "ክፍሊ መጥፋእቲ ሓዊ" ኢዮ ዝብሃል ኔሩ። ፕረዚደንት ብልዕሌና ቦምባ ይድርቢ'ሞ ሽዑ ንሕና ኬድና ነቲ ባርዕ ነጥፍኦ።

(ተሌፎን ስለ ዝተደወለ ዝዝርብና ሓንሳብ ተቛረጸ። ቀጺልና ብዛዕባ'ቲ ኣብ ክራማት 2000፡ ድሕሪ'ቲ ምስ ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ሳልሳይ ዙርያ ወተሃደራዊ ግጥም፡ ንኢሰያስ ኣጋጢምዎ ዝነበረ ኩነታት ኢና ተዘራሪብና)

ዳን፦ ሽዑ ከቢድ ነቐፌታታት ዶ ይወርዶ ኔሩ፧

ጴጥሮስ፦ ብኸቢድ ተነቒፉ፤ ግን ከኣ ሕሉፍ ድርቅና ኔርዎ። "ስለምንታይ ኢኹም ኣኼባ ትጠልቡ ዘለኹም፧ ኣኼባ ክጽውዕ ኣይደልን'የ።" ኢሉና። "እንታይ'ዩ ኣድላይነት ናይ ኣኼባ፧ ኣኼባ ኣይክጽውዕን'የ። ኣድላይነት ናይ ኣኼባ ኣይተራእየንን። ህዝቢ ኤርትራኸ ብዛዕባ'ዚ ሓቲቱኺ ድዩ፧ ንስኻትኩም እንታዎት ኢኹም፧"

ዳን፦ ኣነ 'ውን ነዚ ዘምሰልስል ተሞክሮ ኣጋጢሙ ኔሩ፡ ኣብ 1988 ክረኽቦ ምስ ከድኩ። ትፈልጥ ትኸውን፡ ኣብ ሰማንያታት ነፍሲ ወከፍ ዓመት ንሜዳ ይመጽእ ኣይነበርኩን። ምኽንያቱ ኣብ ስድራይ፣ ምስ ደቀይ ጸገም ኔሩኒ። ስለዚ፡ ንምድግጋፍ እንተሓገዘ ብዝብል ንግራስ ሩትስ ኢንተርናሽናል መስሪተዮ። ብዝኾነ፡ ቃለ-መጠይቕ ጌረ ምስ ወዳእኩ፡ ከምዚ ኢሉኒ፡ "ትፈልጥ ኢኻ፡ እዚ ግራስ ሩትስ ዝበሃል ዋላ ሓንቲ ዘፍርዮ ነገር የብሉን። መጥፍኢ ግዜኻ ኢዩ ኔሩ። እቲ ክጽሕፎ'የ ዝበልካና መጽሓፍ እንተትጽሕፎ ግን ብዙሕ ምሓገዘካና።" ሻቡ ግልብጥ ኢሉ፡ ሓንቲ ነገር ከይተዛረበ ዕዝር ኢሉ ከይዱ። ግርማ ኣስመሮም ኔሩ ሽዑ። ሓንቲ ክሕግዝ ግን ኣይከኣለን።

ጴጥሮስ፦ ግርማ ተበላጺ ኢዩ። ኣብ ወጻኢ ጉዳያት ምሳይ ኔሩ። ኩሉ ነገር ድማ ይነግሮ ኔረ። ዓርኪ የማነ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ኣመሪካ ኣምባሳደር ክኸውን ይደሊ ኔሩ። ሓደ ነገር ግን ክነግረካ፡ ፕረዚደንት፡ ግርማ ዝረብሕ ሰብ'ዩ ኢሉ ፈጺሙ ኣሚኑ ኣይፈልጥን። ኣብ ቅድሚኡ'ዩ ዝብሎ ነይሩ። ከም እትፈልጦ፡ ሰውራውነት ኣብ ሂወትካ ክትሓልፎ ካብ ዝግብኣካ መስርሓት ሓደ ኢዩ።

ዳን፦ ምናልባት እዚ ሕጂ ክሓቶ ደልየ ዘለኹ ሕቶ ግዜኡ ሕጂ ዘይክኸውን ይኽእል'ዩ። ብመንጽር መትከልካ ክትርእዮ እንከለኻ ግን ሎሚ ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት ዘለኻ ኮይኑ ይስመዓካ፧

ጴጥሮስ፦ ብሓቂ ክዛረብ፡ ኣነ ትስፉው ሰብ ኢየ።

ዳን፦ ዋላ ሕጂ፧

ጴጥሮስ፦ ድሌት ህዝቢ ከርዊ ዝኽእል ስርዓት ክንሃንጽ ንኽእል ኮይኑ ይስመዓኒ። እዚ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ብነገራዊ ድሌታት እንተርኢናዮ ግን ህዝቢ ብልጽግና፣ ማዕርነት፣ ውሕስነት ኢዩ ዝደሊ። ብኹሉ መልክዓቱ ህዝቢ ራህዋ ዘለዎ ሂወት ኢዩ ዝደሊ። እዚ እቲ ጽቡቕ ሕልምታት ዝብሃል ኢዩ፡ ከተዐውቶ ድማ ይክኣል ኢዩ። እዚ ክዕወት ዝኽእል ካብ ሞንጎ'ቲ ዝበለጸ ዝበሃል ሓሳባት ከተወዳድር ምስ እትኽእል ኢዩ። እዚ ምስ ዝግበር፡ ዝኾነ ኣካል ከይዕብልልን ዊን ዝበሎ ከይገብርን ውሕስነት ይተክል። ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ካብ ዝኾነ ነገር ንላዕሊ ሓሳብካ ብናጻ ናይ ምግላጽ መሰል እቲ ዝዓበየ ነገር ኮይኑ ይስመዓኒ። ቅድሚ ነዊሕ እዋን ንብሎ ዝነበርና ነገር ኣሎ፡ ንምልኪ ደርቢ ሽቃላይ ዝቖምና ኢና ንብል ኔርና። ሀይ! ንስኻ ጸሊም ኢኻ፣ ንስኻ ቀይሕ ኢኻ፣ ንስኻ ጻዕዳ ኢኻ።

ወይ ኣብዚ ወይ ኣብቲ'ዩ እቲ ጉዳይ፡ ኣብ ሞንጎ ዝብሃል ነገር የለን። ሓደ ዓይነት ሕብሪ ትመርጽ እንተኾንካ እቲ ጸገም ኣማራጽታት (መሃዝነት) የብልካን ማለት ኢዩ።

<u>ዳን</u>፦ ምስ ኢሰያስ ንመወዳእታ ግዜ ዕቱብ ቃለ-መጠይቕ ዘካየድኩ ኣብ 1994 ኢዩ። ሽዑ ብዛዕባ'ቲ ብሉይ ፖለቲካ ክዛረብ እንከሎ ዳርጋ ሃይማኖት ዓይነት'ዩ ኔሩ ክብል ሓቢሩ። ብርግጽ 'ውን ከምኡ'ዩ ኔሩ። ኣእምሮ ብዛዕባ ሓደ ነገር ካብ ዝግባእ ንላዕሊ እንተደኣ ተባሒቱ ሓደጋታት ከም ዘለዎ ኣጠንቂቑ። ይኹን እምበር ንሱ ንባዕሉ ብልሽውና ውልቀ-ሰባት ብዝፈጠሮ ስኽፍታ ኣእምሮኡ ተባሒቱ'ዩ ኔሩ። ብዛዕባ እቲ ዝብሎ ብዙሕ ነገራት 'ውን ኣእምሮኡ ፈጺሙ ተባሒቱ ከም ዝነበረ ርኡይ'ዩ ኔሩ።

<u>ጴጥሮስ</u>፦ ሓቂ 'ሓይሽ፡ ኣብ 1994 ኣብዚ ሃገር ዘሰከፍ ብልሽውና ዝነበረ ኣይመስለንን። ይኹን እምበር፡ ንሱ ካብ ካልኦት ዝተፈልየ ክመስል ይፍትን ኔሩ። ብዘይክኡ ካልኦት ኩሎም ብልሽዋት ከም ዝኾኑ ኢዩ ዝዛረብ ኔሩ። እዚ ልክዕ ከምቲ ኣብ ሰማንያታት ዝገበሮ "ጎስጓስ ሰለስተ ሓለፋታት" ዝበሃል ውጥኑ፡ ልክዕ ከምኡ'ዩ። ከምኡ'ዩ ዝገብር ኔሩ። ኣብ መሪሕነት ዘለዉ ብልሽዋት ምዃኖም ነቶም ንኣሽቱ ይነግሮም ኔሩ። ልክዕ ከምኡ'ዩ ዝብል ኔሩ። ኣብ መወዳእታ ሽዑ በዕሩኽቱ፡ ብበዓል ደሱ ፓፓዮን ካልኦትን ጀሚሩ።[2]

ፓፓዮ ፈራህ እንተዘይነብር፡ እዚ ሰብ'ዚ (ፕረዚደንት)፡ ኣብ ጃፓን፣ ታይዋን፣ ወይ ሆንግ ኮንግ፡ ምስ ጌይሻ ዝተብሃላ ኣመንዝራታት ይፍጽሞ ንዝነበረ ዝሙት ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ ከም ዝኸፈለሉ ክዛረብ ይኽእል ኔሩ ኢዩ። ኩሎም እቶም ሰሪቖም ዝበሃሉ ሰባት ካብ ዝሰረቕዎ ገንዘብ ዝበዝሐ ኢዩ። ነዘን ጌይሻ ዝበሃላ፡ ኣብ ጃፓንን ሆንግ ኮንግን ዝርከባ ኣመንዝራታት ካብ 50 ክሳብ 70 ሽሕ ዶላር ኢዩ ዝኸፈለን ኔሩ። ከመይ ጌሮም ይፍስሁ ከም ዝነበሩ የዕልሉና ኔሮም ኢዮም - ብፍላይ ፓፓዮ። ነዚ ናብ ናቕፋ'ሞ ምለወጦ፡ ሽዑ ንህዝቢ ኤርትራ ክንድ'ዚ ዝኣክል ገንዘብ ንኣመንዝራ ከፊልና ኢሉ ክነግር ይግብኦ ኔሩ። እዚ ሰብኣይ'ዚ (ፕረዚደንት) ነዞም ሰባት እዚኣቶም ይኸሶም ኣሎ። ግን ከኣ ንባዕሉ ይዓብድ ኔሩ። ኣይፋሉን! ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገር ገንዘብና ከነጥፍእ ኣይግብኣናን ክብል ኔርዎ። ኣልኣሚን ኣብ 1982-1983፡ ኣብ ፓሪስ፡ ካብቲ ብህዝቢ ዝተወፈየ ገንዘብ BMW ዝዓይነታ መኪና ገዚእካ ተባሂሉ ተኸሲሱ ኔሩ። ነታ መኪና ዓዲግዋ።

<u>ዳን</u>፦ እንታይ ይገብር ኔሩ ሽዑ ኣብኡ፧

<u>ጴጥሮስ</u>፦ ሓደ እዋን ሓላፊ ክፍሊ ወጻኢ ጉዳያት ኔሩ። እዚ ሰብ'ዚ ኣብቲ እዋን'ቲ BMW ዝዓይነታ መኪና ዝዓደገ ኢዩ። ሕጂ ብዛዕባ ብልሽውና ይዛረብ ኣሎ …

<u>ዳን</u>፦ ማንም ሰብ ካብ ብልሽውና ሓራ ኣይኮነን። ግን ከምቲ ዝበልካዮ ኣዝዩ ዝጋነን ናይ ብልሽውና ጸገም የለን። እቲ ቐንዲ ጉዳይ እዚ ኣይኮነን ክኸውን ዘለዎ።

<u>ጴጥሮስ</u>፦ ብልሽውና ኣብዚ ሃገር ዓቢ ጸገም ኮይኑ ኣይርኣየንን። ምህላዉ ኣሎ። ካብ ብልሽውና ነጻ ዝኾነ ሕብረተሰብ'ኮ የለን። ምስ ካልኦት ሃገራት ኣወዳዲርካ ግን ኤርትራ ኣዝያ ብልሽውቲ ኣይኮነትን። ብልሽዋት መራሕቲ ኣለዉ። እንተተረኺቦም ድማ ብጽኑዕ ክትሓዙ ይግባእ። ሕጂ ግን መዓልታዊ ኢዩ ዝዛረበሉ ዘሎ። ኣብ ጋዜጣታት 'ውን ኩሉ ሰብ

---

2 ኤርምያስ ደበሳይ (ፓፓዮ)፡ ህዝባዊ ግንባር ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ኣባል ውድብ ዝነበረን ኣብ ሰብዓታትን ሰማንያታትን ድማ ከም ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ዘገልገለን ገዲም ተጋዳላይ ኢዩ። ሓደ ካብቶም ኣብ መወዳእታ 1996፡ ብብልሽውና ተጠርጢሮም ዝተኣሰሩ 90 ላዕለዎት ሓለፍቲ ግንባርን ሓለፍቲ ናይቲ ዝዓበየ ንግዳዊ ትካል ህዝባዊ ግንባር፡ ኩባንያ ቀይሕ ባሕርን ኢዩ። ክሳብ ሎሚ (2004 - እቲ መጽሓፍ ዝተሓተመሉ ዓመት ምዃኑ'ዩ) ኣብ ቀይዲ ኣሎ።

የንብቦ ኣሎ፤ “እዞም መራሕቲ ብልሽዋት ኢዮም” ይብሃል ኣሎ። እዚ ምስሉይነት ኢዩ፤ ምሰሉይነት።

ዳን፦ እዚ ናበይ ገጹ ዝኸይድ ይመስለካ፧

ጴጥሮስ፦ እንድዒ! ኣብ ክራማት ኣዝዩ ጽንኩር ኩነታት ይጽበዮ ኣሎ።

ዳን፦ ምርጫ ንዓመታ ገጹ ዝሰጋገር ኢዩ ዝመስል።

ጴጥሮስ፦ እንድዒ! ኣይገብሮን ‘ውን ይኸውን፡ ከምኡ’ዩ ዝመስል። ካብ ኣባልነት ማእከላይ ሽማግለ ከደስክለና ክፍትን’ዩ። ኣብ ንድፊ ሕጊ ፖለቲካውያን ሰልፍታት ከም ቃሕትኡ ኣብዝሓ ድምጺ ክረክብ ኢዩ። ዕለተ-ሕንጻጽ ምርጫ ምስ ገበረ ድማ፡ ከምቲ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ዝተለምደ፡ ኣብ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ኣቕሪቡ ክፈርደና ኢዩ።

ዳን፦ ቅድሚ ምርጫ፧ ቅድሚ ውድባዊ ጉባኤ፧

ጴጥሮስ፦ እወ ቅድሚ ምርጫን ቅድሚ ውድባዊ ጉባኤን። ብዛዕባ ጉባኤ ህግደፍ እንድሕር ኮንካ ትዛረብ ዘለኻ፡ ንሱ ዓቢ ጸገም ኢዩ። ኣብኡ ብዙሕ ሕቶታት ክለዓል ስለ ዝኾነ፡ ቅድሚ ኣብኡ ምብጽሑ ድሌቱ ክገብር ኢዩ ደልዩ ዘሎ።

ዳን፦ እዚ ኣንጻርኩም ጸለመ ንምክያድ ኣብ እምባትካላን ካልእን ዝተኻየደ ኣኼባታት ዘይወግዓዊ ኢዩ ኔሩ። ክትሳተፉ ወይ ክትውከሉ ‘ውን መሰል ዝነበረኩም ኣይመስለንን።

ጴጥሮስ፦ ኩሉ ዘይሕጋዊ ኣኼባታት ኢዩ ኔሩ።

ዳን፦ ተዓዲሞም ዝመጹ ኣጋይሽ ጥራይ ኢዮም ኔሮም። ካልእ ተወሳኺ ኣኼባታት ክህሉ ድዩ፧

ጴጥሮስ፦ ኣይፋሉን፡ ኣይመስለንን።

ዳን፦ እዝስ ምድላው ንውድባዊ ጉባኤ’ዩ ዶ ክብሃል ይክኣል፧

ጴጥሮስ፦ ኣይኮነን። ቀልጢፎም ክወዳድእዎ ዝደለዩ ነገራት ስለ ዘሎ ኢዩ!

(ሓንሳብ ኣቛሪጽና)

ዳን፦ እቲ ናይ ኩናት ፍጻመታት፡ ብፍላይ ድማ ሳልሳይ ዙርያ ናይቲ መጥቃዕትን ምዝላቕ ካብ ባረንቱን ሕጂ ዝዝረበሉ ዘሎ ይመስል፤ ግን ከኣ ኣይዝረበሉን ኢዩ ዘሎ። ከም ዝሰማዕክዎ እቲ ናይ ምዝላቕ ውሳነ ኢሰያስ ንበይኑ ዝወሰኖ ውሳነ ኢዩ ኔሩ። ካልእ ዝቐረበ ኣማራጽታት፡ ማለት ካብ ዓሰብ ምዝላቕ፣ ንሳልሕ ገጽካ ምንስሓብ ከም ዝነበረ ‘ውን ይዝረብ ኢዩ። ኣብዛ እዋን እዚኣ ንዝነበረ ኩነታት ኣመልኪቶም ኢዮም ድማ ንዓኻ፣ ንዑቕበን ንብርሃነን ዝሓምዩኹም ዘለዉ።

ጴጥሮስ፦ ቅልውላው’ኮ ኢዩ ኔሩ። ንሳሕል ምምላስ ከም ምርጫ ኣይቀረበን። ህግደፍ ንሳሕል ክንምለስ ምኽንናን እንደገና ካብ ጎቦታት ክንቃለስ ምኽንናን ንህዝቢ ከእምኖ ይጽዕር ኔሩ። እዚ ግን ኣማራጺ ኣይነበረን። ርእይቶና ንጹር ኢዩ ኔሩ። ድሕሪ ባረንቱ፡ ካብ ዛላንበሳ ምዝላቕ፣ ናብ ከባቢ ዓሰብ ገጽካ ምዝላቕ፣ ነቲ ናይ ሰላም እማመ ምቕባል፣

ከምኡ ‘ውን ኣንጻር መንግስቲ ኣመሪካ ከም ዘይኮንካ ምርግጋጽ ዝብል ኢዩ ኔሩ። በቃ! ከምኡ ኢዩ ኸኣ ተጌሩ። ንሱ (ፕረዚደንት) ግን ኣይተቐበሎን።

ዳን፡- ምዝላቕ ካብ ባረንቱ፧ ምዝላቕ ካብ ዛላንበሳ፧ ምዝላቕ ካብ … ፧

ጴጥሮስ፡- ካብቲ ኣከራኻሪ ቦታታት ምዝላቕ። እዚ ማለት ድማ ነቲ እማመ ሰላም ምቕባል ማለት ኢዩ። ምኽንያቱ ኢትዮጵያውያን ዝደልይዎ ዝነበሩ ካብቲ ኣከራኻሪ ዝበሃል፡ ብሓይሊ ዝሓዝናዮ ቦታታት ክነዝልቕል ኢዮም ዝደልዩ ዝነበሩ። እዚ ማለት ድማ ነቲ እማመ ሰላም ምቕባል ማለት ኢዩ። እቲ ስነ-ሞጎት ከምኡ ኢዩ ኔሩ፤ ካብቶም ዝተብሃሉ ቦታታት ምዝላቕ፣ ነቲ እማመ ሰላም ምቕባል፣ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ክኣቱ ምፍቃድ፣ ኣንጻር ኣመሪካ ከም ዘይኮንካ ድማ ምርግጋጽ። ኣብ መወዳእታ ድማ ከምኡ ኢዩ ኮይኑ።

ዳን፡- ኣንጻር ኣመሪካ ከም ዘይኮንካ ምርግጋጽ ማለት እንታይ ማለት ኢዩ፧

ጴጥሮስ፡- ኣመሪካ ኣንጻርና ኢያ፤ ኣመሪካ ከምዚ’ያ፣ ኣመሪካ ከምቲ’ያ … ይብል ኔሩ። ትፈልጥ ኢኻ፡ ኣብ ዲፕሎማሲ ክትዕወት እንተኾንካ፡ ብውሑዱ ተሓጋጊዝካ ክትሰርሕ ምኽኣንካን፡ ጸር ከምዘይኮንካን ከተእምን ኣለካ።

ዳን፡- እቲ ካብ ኣከራኽርቲ ቦታታት ምዝላቕ ዝብል ሓሳብ ካብ ዝምዕብል ክንደይ ጌሩ ኔሩ፧

ጴጥሮስ፡- ኩሉ ነገር ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ኣቢሉ ኢዩ ተፈጺሙ።

ዳን፡- ደድሕር’ቲ ስዕረት፡ ወይ ድማ ከምቲ ብዙሕ ሰብ ዝብሎ፡ ደድሕር’ቲ “ምዝላቕ” ካብ ባረንቱ ድዩ መጺኡ፧

ጴጥሮስ፡- እወ። ንሱ ኢዩ ኔሩ እቲ ሕቶ። ኣዝዩ ተረቢሹ ኔሩ። ካብ ዛላንበሳ ከንሳሕብ ኣይደለየን ኔሩ። ኣየንሰሓበን ከኣ። ደሓር ግን ክዝልቕ ተገዲዱ። ሽዑ በቲ ዝተበሃልናዮ መሰረት ኢና ኣዝሊቕና ኢሉ። እዚ ግን ሓሶት ኢዩ፤ ምኽንያቱ ሽዑ ንሰንዓፈ’ኳ ክከላኸሉላ ይኽእሉ ኣይነበሩን።

ዳን፡- ካብ ዓሰብ ምዝላቕ ዝብል ዘረባ ‘ውን ኔሩ ይብሃል፤ ሓቂ ድዩ፧

ጴጥሮስ፡- ዓሰብ ደሓን ኢያ ኔራ ምኽንያቱ እቲ ኣብኡ ዝነበረ ኣዛዚ በሊሕ ኢዩ ኔሩ። ኣብ ግዚኡ ኢዩ ኣዝሊቑ።

ዳን፡- ብኢደ-ወነኑ ድዩ ጌርዎ፧

ጴጥሮስ፡- እወ፡ ከዝልቕ ተነጊርዎ።

ዳን፡- ምሉእ ብምሉእ፧ ወይስ ክሳብ ኣበይ፧

ጴጥሮስ፡- ናብ ክከላኸለሉ ዝኽእል ቦታ ከዝልቕ ተነጊርዎ።

ዳን፡- ካብ ዓዲ ቐይሕ ምዝላቕ ዝብል ሓሳብ ከም ዝነበረ ‘ውን ሰሚዐ።

ጴጥሮስ፦ ብዛዕባ እዚ ኣይፈለጥኩን። ግን ዝኾነ ሰብ ኣይምገበሮን። እቲ ጉዳይ፡ ከምቲ ዝብልዎ ዘለዉ ብመደብ ዝተገብረ ምዝላኝ ኣይነበረን። ብዛዕባ እዚ ክዛረቡ ኣይክእሉን ኢዮም። ግን ተደፊኦም ኢዮም። ከምኡ ስለ ዝኾነ ኢዩ ንሰንዓፊ ገዲፎማ። እቲ መወዳእታ ዝዓለብሉ ‘ውን ኣምላኽ ዝበሎ ኢዩ፡ ኣይኮነን ድዩ፧ ኣቐዲሞም ቅድሚ ምድፍኦም እንተዝገብርዎ ግን ኣብ ዝሓሸ ቦታን ኩነታትን ምሃለዉ ኔሮም። ብውሑዱ ንሰንዓፊ ወይ ድማ ኣብ’ቲ ጥቓኡ ንዘሎ ቦታታት’ኳ ምተኸላኸልሉ። ስለዚ፡ ነዚ ኹሉ ነገራት ንምሽፋን ብዙሕ ይዛረብ ኣሎ ፕረዚደንትና። ሕጂ ድማ፡ ኤርትራ ትሕቲ ፕረዚደንት ኢያ፡ ፕረዚደንት ድማ ልዕሊ ኤርትራ ኢዩ ይብለና ኣሎ።